# ሓድሽ ዓመት፡ ናይ ግልጽነትን ልቦናን ዓመት ንምግባሩ

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
ዕለት 24.012.004

ወዲ ሰብ፡ ንነብሱ ምስ ናይ ነገራት ስነ-መጐት ከሳኒ ሳሕቲ'ዩ ዘጋጥም። ብኣንጻሩ ግን፡ ስነ-መጐት ንገዛእ ርእሱ ምስ'ቲ ዘይስነ-መጐታዊ ዝኾነ ወዲ ሰብ ክሳነ ንርኢ። ወዲ ሰብ፡ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ነቲ ክውንነት ብምዝንጋዕ፡ ብትምኒት ኣብ ዘይክውንነታዊ ገነት ክነብር ይሓልም። እቲ ክውንነት ግን ሰቕ ኢሉ ኣይርእዮን ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ግዜን ኵሉ ዓይነት ባህርያውን ሓደጋታት፡ ከምኡ ውን፡ ንክውንነት ኵሉ ግዜ ዝዝንግዕ ስነ-ኣእሙራዊ ድኽመታት ወዲ ሰብ ዘስዕቦ ሰብ-ሰርሖ ሓደጋታትን ተደማሚሩ፥ ንዓቕምታቱ ክበልዮን ንሕልምታቱ ብዘይ ምሕረት ክሰባብሮን ንርኢ።

እዚ ኵሉ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ባህርያት ናይ'ቶም ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ብጽቡቕ ትmኒት ዝነብሩ (Optimists) ወይ ከኣ፡ ባህርያት ናይ'ቶም ኣብ ዕምባባ ጽገሬዳ ዝርከቡ እተሸፈኑ ኣእሻኹ ጥራሕ ዝርእዩ ቀቢጸ-ተስፋ (Pessimists) ኢዩ።

እቶም ኣብ ሂወቶም ዕዉታት ዝኾኑ፡ ወነንቲ ፕሮጀክትታትን ተልእኾታትን ፖለቲከኛታት ውን ዝርከብዎም፥ ኣብ ባህግታቶም ጥራሕ እተመርኰሰ፡ ምስ ክውንነት ዘይሳነ ትምኒታዊ ትልምታትን ኣገባባትን ክፍጽሙ ግዜኦም ዘየጥፍኡ ኢዮም። እንታይ ደኣ፡ ብዝውሓደ ዋጋን ክፍጸሙ ዝኽእሉ ዕላማታትን፤ ንምዕዋቶም ዘድልዩ መሳርሒታትን ንምርካብ፡ ናብ ሽቶኦም ዘብጽሖም ቀጻሊ መጽናዕትን ምርምርን ዘካይዱን፤ ከምኡ ውን፡ ብናይ ጅግንነትን ጫውጫውን ጃህራን መንፈስ ዘይግዝኡን ኢዮም።

ንኤርትራዊ ፖለቲካዊ ህይወት በዚ መንጽር'ዚ እንተደኣ ጠሚትናዮ፡ እቲ ስርዓት ይኹን ተቓወምቱ ዝኾኑ ፖለቲካዊ ሓይልታት፥ ደረጃ ሸለልትነቶም እኳ ዝፈላለ እንተኾነ፡ ኵሎም ሓለምትን ሸለል በሃልትን ኰይኖም ኢና ንረኽቦም። እዚ ክንብል ከሎና ግን፡ ከም'ቲ "ብሰንኪ ንቑጽ፡ ይነድድ ርሑስ" ዝብሃል፡ ሕማቕ ሃዋህው ኣብ ዝሰፈነሉ ኵነታት፡ ዋላ ነቶም ብሓቀኛ ስነ-መጐትን ምስ'ቲ ክውንነት ተሳንዮም ዝዋስኡ ውሑዳትን ንጹሃትን፡ ዝልክምን ብኣሉታ ዘግልጾምን ምኻኑ ዘንጊዕና ኣይኰናን።

ሓቂ'ዩ፡ ስርዓት ኤርትራ፡ ነቲ ዘጋጠሞ ምቹእ ውሽጣውን ዞባውን ኣህጉራውን ኵነታት መዝሚዙ፡ ገለ ካብ ዕላማታቱ ከረጋግጽ ክኢሉ ኢዩ። ገለ፡ ካብ'ቶም እቲ ስርዓት ዘዐውቶም ኣገደስቲ ዕላማታቱ፡ ባሓቲ ጭቆናኡ ዘረጋግጸሉ ስልጣን ምጭባጡን፤ ከም ውጽኢቱ ኣብ ኵሉ መዳያት ናይ ህይወት እተጋህደ ብርሰትን ዕንወትን ምርግጋጹ ኢዩ። ብሰንኪ፡ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራቱን ጠባያቱን ኣብ ልዕሊ ዜጋታቱን ጐረባብቱን ዋላ ውን ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ዘስዕቦ ጉድኣታት ብዘየገድስ፥ ናብ ዕላማታቱ ዘብጽሕዎ ብሓቲ ፖሊሲታቱ ዝያዳ ንምሕያልን ንምትራርን ድሕር ኣይብልን ኢዩ። ኣብ ውሽጣዊ መዳይ፡ እቲ ስርዓት ናይ ስልጣን ኣዕኑዱ ንምድልዳልን፥ ንተቓወምቱ ካብ ንጡፍ ህዝባዊ ደገፍ ንምንጻልን፥ ናይ "ጐዛዚኻ ግዛእ" ፖሊሲታቱ ኣብ ግብሪ ከውዕል ይርከብ። ውጽኢት ናይ'ዚ ጐዛዛዪ ፖሊሲታት'ዚ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ይኹን ፖለቲካዊ ሓይልታቱ፡ ፖለቲካዊ ሕብርታቶምን መንነቶምን ብዘየገድስ፡ ብዛዕባ'ቲ ስርዓትን ባህርያቱን ሓደ ዝኾነ ሚዛን ንኸይውንኑ ምግባሮም ኢዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ናይ ድንግርግር ኵነታት፡ ነቲ ስርዓት፡ ኣብ ዝሓምረጐ ማይ ዓሳ ክገፍፍን ኣብ ጽልግልግ ዝበለ ሃዋህው ድሌታቱ ክፍጽምን ዕድል ስለዝኸሰተሉ፤ ኣደንቋርን ፈላላዪን ዝኾነ ናይ ትምህርቲ መደባት ብሓይልን ዓመጽን ከተኣታቱን፤ ንገለገለ እምነታትን ንኣሽቱ ሃይማኖታትን ብምጭቋን ናይ ተንኰላት ፍሕሶታት

ብምዝራእ፡ ድሕሪ ውድቀቱ ንዝመጽእ ተካኢ ሓይሊ፡ ክቕይሮ ይኹን ክፍውሶ ዘጸግም ኵነታትን ሓቅታትን ክፈጥር ኣኽኢልዎ ኢዩ።

ኣብ ዞባዊ መዳይ፡ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት እተኸተሎ ፖሊሲታት፡ ንኹሉ ናይ ሕውነትን ምትሕብባርን ጽቡቕ ጕርብትናን ምንጪታት ኣንጺፉ፤ ኣህዛብን መንግስታትን ዞባና ብዛዕባ ኤርትራን ኤርትራውያንን ጽልኢ ከምዘሕድሩ ገይርዎም። እዚ ስርዓት ኤርትራ እተኸተሎ ፖሊሲታት፡ ኣብ ስነ-ኣእሙራዊ ክውንነት ኣህዛብ ዞናና ኣብ ሓጺር ግዜ ክፍወስ ዘይከኣል ዓሚቕ ለውጥታት ኣስዒቡ። ብሓጺሩ፡ እቲ ስርዓት፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግዜ ራህዋ ይኹን ስእነት ክረኽቦ ዝኽእል ደገፍ ብምሉኡ መሪዝዎ ክበሃል ይከኣል።

ኣቐዲምና ከምዝጠቐስናዮ፡ ኣብ ድሮ ሓርነት ኤርትራ፡ እዚ ሓይሊ'ዚ ስልጣን ንምጭባጥ ዝኽእል ወተሃደራውን ንዋታውን ዓቕምታት ዝነበሮ እንኮ ሓይልን፤ ከምኡ ውን፡ ጸጊዕ ብዝሓዛ ፈትወቱ ዝኾና ዞባውያንን ኣህጕራውያንን ሓይልታት ይድገፍን ስለዝነበረ፥ ነዚ ኵነታት ንረብሓኡ ከውዕሎ ብዙሕ ጽዒቱ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ስርዓት ነዚ ኵነታት'ዚ፡ ብቐዳምነት ንስልጣን ናይ ፓርቱ፤ ኣስዒቡ ከኣ፡ ካብ ስነ-መጕትን ንቕሓትን ብዝረሓቐን ንውሽጣውን ግዳማውን ምትእምማን ብዝጸንቀቐን ኣገባብ ንብሕታዊ ስልጣን ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምድልዳል ጥራሕ'ዩ ኣውዒልዎ። ውጽኢቱ ድማ፡ ብዘይካ ስርዓት ኢሳያስ ካልእ ሓላፍነት ዘይስከመሉ፡ ናይ ወጻኢ ደገፍ ምድራኽ ወይ ምጽንቃኽ ኣስዓበ። ስልጣን ምስ ጨበጠ ካብ ክልተ ዓመታት ኣብ ዘይነውሕ ግዜ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ምስ መንግስቲ ሱዳንን ሃገራት ኣዕራብን ጠንቂ ናይ ጽልእን ተጻብኦታትን ዝኾኑ ናይ ቃላት ምልውዋጥ ጀመረ። ነዚ ናይ ጽልኢ ፖሊሲታቱ ብምቕጻል፡ ነቲ ድሕሪ ሓርነት ኤርትራ ብቐሊሉ ክእለ ዝኽእል ዝነበረ ናይ ዶብ ጸገማት፡ ነቲ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ኣሕዲርዎ ዝጸንሐ ቂምን ጥርጣረን ንምሕዋይ፡ ሰውራና ኣብ ሰላሳ ዓመታት ንመላእ መሬት ኤርትራ ሓራ ንምውጻእ ዘይኸሰሮ ህይወት፡ ካብ ገለ ኣማእታት ትርብዒት ኪሎሚተር ዘይበዝሕ መሬት ንምሓዝ ኣብ ዘካየዶ ኵናት ብምጥፋእ፡ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዞናና ዝነበሮ ፍሉይን ብሉጽን ዝምድና ኣበላሸዎ። ኣብ መወዳእታ፡ መቓልስቱ ዝነበሩ ኣባላት መሪሕነት ብዝገበርዎ ተቓውሞታት ህግዲፍ ብትኹል ኣብ ክልተ ተፈንጪሉ። እቶም ምስ'ቲ ስርዓት ዝተረፉ ከኣ፡ ብቅንዕና መርሆታቱ ኣሚኖም ዘይኰኑስ ብፍርሕን ጭቆናን ኢዮም ኣብ ጐድኑ ደው ኢሎም። ምስ'ዚ ኵሉ ግን፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ባዕሉ ንባዕሉ እናተባላልዐ ክሳዕ እታ ዘይትተርፍ ናይ ውድቀቱ ሰዓት ዝበጽሕ፡ ንስነ-መጕትን ንዞናናን ዝጻባእ ፖሊሲታቱ ካብ ምቕጻል ዓዲ ኣይውዕልን ኢዩ። እቲ ስርዓት ዝጥቀመሉ ኣገባባት ፍሽለቱ ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ዘረጋገጸ ስለዝኾነ፡ ብኡ እንተደኣ ቀጺሉ፡ ብዘይ ደገፍ ናይ ካልኦት መቓብሩ ባዕሉ ክፍሕር ምኻኑ ኣየጠራጥርን። ውድቀቱ ንምርግጋጽ፡ ናይ ደገ ደገፍቲ ረቛሕትታ ውን ኣየድልዩን ኢዮም።

ደምበ ተቓወምቲ ሓይልታት ውን፡ ንክውንነትን ንስነ-መጕትን ዝዘንግዕ ካልእ ኣካል ኢዩ። ብቐዳምነት፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብኣገዳስነት ናይ ሓድነት ተቓወምቲ ሓይልታት ክሳዕ ዝርድኡ፤ ቀጺሎም ነቲ ስርዓት ኣውዲቕካ ብኻልእ ስርዓት ንምትካእ ዘኽእል ስትራተጂ ክሳዕ ዝሕንጽጹ ብዙሕ ግዜ ኣጥፊኦም። እዚ ጥራሕ ውን ኣይኰነን፡ ገለ ካብኣቶም ክሳዕ ቀረባ እዋን ኣብ ሓይልን ቀጻልነትን ናይ'ቲ ስርዓት ካብ ዝነበሮም እምነት ተበጊሶም፡ ናብ'ቲ ስርዓት ክጽንበሩን ንቀጻልነቱ ክከላኸሉን ተራኣዮም ኢዮም። እንተኾነ ግን፡ እቲ ስርዓት ብዝተኸተሎ ኣንነታዊ ናይ ማእሰርቲ ፖሊሲታት፡ ቆርበቶም ንምድሓን፡ ኣምሊጦም ኣብ ደምበ ናይ ተቓውሞ ክጽንበሩ ተገዲዶም። ደምበ ተቓውሞ ዓቕምታቱ ኣብ ናይ ሓባር ዕዮ ዝጸምደሉ ናይ ሓባር ግንባር ድሕሪ ምምስራቱ ውን፡ ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ ቻርተር ብሕታዊ ኣጀንዳታት ብምትእትታው ነቲ ምጥርናፍ ናብ ንጡፍ ግንባር ናይ ምቕያሩ ተፈጢሩ ዝነበረ ዕድል ከሰሮ። በዚ፡ ኣብ ዘይግዚኡ እተባርዐ ናይ ስልጣን ቍርቍስ፡ ነቲ ቀዳምነት ክውሃቦ ዝግባእ ህጹጽ ናይ ስርዓት ምቕያር ዕማም ካልኣይ ቦታ ከምዝሕዝ ገበሮ። ገለገለ ሸነኻት ካብ'ቶም ተቓወምቲ ሓይልታት ውን፡ ግደ ናይ'ቲ ብክለሳ-ሓሳብ ይኹን ብግብሪ ንጡፍ ዝነበረ

ተቓዋሚ ሓይሊ ንምድኻም ኣበርቲዖም ተንቀሳቒሶ። ነቲ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ክወዳደር ብቕዓት ዝነበሮ ሽነኽ ንምድኻም ነዚ ዓንቃፊ ግደ እተጻወቱ ሽነኻት፡ መበገሲኦም ናይ ስልጣን ቍርቍስ ጥራሕ ኢዩ ነይሩ።

እቲ ስልጣን ካብ ዝጨበጠሉ እዋን ኣትሒዙ፡ ንተቓወምቱ ብፖለቲካውን ወተሃደራውን መዳይ ክቕንጽል ዝጸንሐ ስርዓት ግን፡ ካብ'ቲ ብውሽጣዊ ጕዳያቱ ተቖሪሩን፥ እቲ ስርዓት ብግዜ ክበልየሉን ዝጽበን ደምበ ተቓውሞ ዝመጸ ሓደጋ ከምዘየለ ተገንዘበ። እቲ ዝኸፍአ ከኣ፡ እቲ ስርዓት ከም ትጽቢት ናይ ደምበ ተቓውሞ፡ ባዕሉ እናደኸመ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎን፤ ውድቀቱ ውን፡ ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ ኰይኑ ኣብ ዘለወሉን እዋን፤ ደምበ ተቓውሞ፡ ስልጣን ብሰላማዊ ኣገባብ ንምቕባል ዘድሊ ምድላዋት ንምግባር ዘይምንጣፉ ኢዩ።

ነፍስወከፍ ተቓዋሚ ፖለቲካዊ ውድብ ንበይኑ ይኹን፡ እቲ ንኹሎም ዝጥርንፍ ናይ ሓባር ግንባር፥ ዝተሓተ ደረጃ ናይ ውሽጣዊ ግልጽነትን፡ ሃናጺ ነቐፌታን፡ ልቦና ዝመልኦ ስነ-መጐትን፡ ኣብ ዘይውንነሉ እዋን፥ ኣብ ኢድና ዘሎ ዕድል ከነጥፍእ ንኽእል ኢና። ስለ'ዚ፡ ካብ ናይ ግልጽነትን ልቦናን ስነ-መጐት ተበጊስና፡ ንናይ ሓባር ሃገራዊ ረብሓ ክንጥምትን፤ ነዚ ንምርግጋጽ ንዝጽዕር ዝኾነ ይኹን ሽነኽ፡ ንኹልና ዘርብሕ ኣዎንታዊ ውጽኢት ድኣ'ምበር ብሕሳብ ካልኦት ንረብሓ ናይ ገለ ንምርግጋጽ ዝግበር ጻዕሪ ጌርና ክንቆጽሮ ኣይግብኣናን። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ተኸሲቱ ዘሎ ዕድል ዘይምጥቃም፡ ሳዕቤናቱ ንህልዊ ይኹን ናይ መጻኢ ዂነታትና ንምፍዋስ እተዓጻጸፈ ጸገማት ክፈጥረልና ከምዝኽእል ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዋሕስነት ናይ ሓድነትናን ማዕረን ፍትሓውን ሰላማውን ውድድር ናይ ምኽያድ መሰልን ምርግጋጽ ናይ ነፍስ ወከፍ ተቓዋሚ ውድብ ሓልፍነት ምዃን ክንግንዘብ ይግባእ።

ኣብ ዕቱብነትን ኣገዳስነትን ናይ ዕላማታትና ሓደ ዝኾነ ዕግበት እንተድኣሃልዩ፤ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምዕዋት ዘኽእሉ ኣገባባት ምንዳይን ምኽታልን ከድልየና ኢዩ። ካብ ስነ-መጐትን ካብ ልቦናን ዝሕይል ካልእ ዕቱብ መሳርሒ ስለዘየለ ድማ፡ ካብ ዘይክውንነታዊ ባህግታትን ትምኒታትን ክንርሕቕ ይግባእ።